


# ናብ መውዓሊ-ህጻናት ብደሓን ምጹ

Vuggestue Tigrignia.indd 1 07-09-2018 13:38:17

# ክቡራት ወለዲ/ስድራቤት

ኣብዚ ብሮሸር፡ ኣብ ዴንማርኪ ውላድካ ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ክውዕል ምግባር እንታይ ይመስል ዝብል ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣለኩም። ንመውዓሊ ህጻናት ዝምልከት መወከሲ ሓበሬታ፡ ንመስርሕ ምጅማር ውላድኩም ዝምልከት ሓበሬታ፡ እቲ መውዓሊ-ህጻናት ዝጅምረሉ ሰዓታት፡ መዓልታዊ ህይወት ናይቲ መውዓሊ እንታይ ይመስል ዝብልን ኣገዳሲ ሓበሬታን፡ ኣብዚ ብሮሸር ሰፊሩ ይርከብ።

ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ናይዚ ብሮሸር፡ ንእሽቶይ ሓረጋት ዝሓዘ መጽሓፍ ኣለኩም። እዚ መጽሓፍ፡ ምስቶም ክኢላታት ስነ-ምምህርና ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ-ህጻናት ክትዘራረቡ ክትደልዩ እንከለኹም፡ ክሕግዘኩም እዩ።

ውላድኩም ከተምጽኡ ወይ ውን ክትወስዱ እንከለኹም ውን፡ ብቐጥታ ምስ ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንሳቶም ንድሕነትን ምዕባሌን ውላድኩም ዝምልከት ሕቶታትኩም ንኽምልሱልኩም ወትሩ ድሉዋት እዮም።

**መወከሲ ሓበሬታ ናይቲ መውዓሊ-ህጻናት**

| |
|---|
| **ሰራሕተኛታት** |
| **መውዓሊ ክፍሊ** |
| **ቁጽሪ ስልኪ መውዓሊ-ክፍሊ** |
| **መራሒ ስነ-ምምህርናዊ ንጥፈታት** |
| **ተሓጋጋዚ ምውህሃድ ኣብ ሕብረተ-ሰብ፡ ምስ ዝህልወኩም** |

# ስለምንታይ እዮም ቆልዑ ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ክውዕሉ ዝተደልየ?

ኣብ ሃገረ ዴንማርክ፡ መብዛሕትኦም ቆልዑ ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ይውዕሉ። እቲ ምኽንያት ናይዚ ከኣ፡ በቲ ሓደ ወገን ወለዶም ኣብ እዋን መዓልቲ ስራሕ ስለዝውዕሉ፡ በቲ ካልእ ወገን ከኣ ቆልዑ ብመንገዲ ጸወታን ካልእ ንጥፈታትን ስለዝምዕብሉ እዩ።

ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ-ህጻናት፡ ስነ-ምምህርናዊ ፍልጠት ዝዓጠቑ እዮም። ንደቕኹም ጽቡቕ ጌሮም ይከናኸንዎምን ንምዕባሌኦምን ድሕነቶምን ዝምልከት ውን ግንዛቤ ኣለዎም።



Vuggestue Tigrignia.indd 3 07-09-2018 13:38:18



# ውላድኩም ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ክሳተፍ ምስ ጀመረ

ውላድኩም ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ክሳተፍ ቀቅድሚ ምጅማሩ፡ ምስቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ ተራኺብኩም ክትዘራረቡ ኢኹም። ኣብቲ ኣኼባ፡ ውላድኩም መዓስ ኣብቲ መውዓሊ ክሳተፍ ክጅምር እዩ ትውጥኑ።

ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ-ህጻናት ንውላድኩም ኣዕሙቑ ኣቢሎም ንኽፈልጥዎ የገድሶም እዩ። ስለኾነ ድማ፡ ብዛዕባ ድልየታትን ባህርን ውላድኩም ምስ እትሕብርዎም ኣዝዩ ሓጋዚ ኮይኑ ይረኽብዎ።

ንኣብነት፡ ነቶም ኣብዚ ብሮሸር ዘለዉ ምልክታት ኩነተ-ኣእምሮ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም። ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ሰራሕተኛታት ኣስተርጓሚ ኣዳልዮም ክጸንሑኹም እዮም።

ውላድኩም ግቡእን ውሑስን ምጅማር ምእንቲ ክኾነሉ፡ ኣብቲ ዝጅምረሉ እዋን እኹል ግዜ ምውፋይ ከድልየኩም እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኣብቲ እዋን ምጅማር፡ ውላድኩም ኣብ ሓጺር እዋን ንኽጅምር ንስኹም ህሉዋት ክትኮኑ ኣለኩም።

Vuggestue Tigrignia.indd 5 07-09-2018 13:38:23



# ውላድኩም ምውሳድን ምምጻእን

ንውላድኩም ናብ መውዓሊ-ህጻናት ባዕልኹም ከተምጽእዎን ክትወስድዎን ኣለኩም። ነዚ ንምግባር ከምዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፡



ብብሽክሌታ



ብኣውቶቡስ



ብብሽክሌታ



ብመኪና

ንውላድኩም ክሳብ ውሽጢ መውዓሊ-ህጻናት ክትክተልዎ ኣለኩም። እቶም ሰራሕተኛታት ውን ውላድኩም ምምጽኡ ክፈልጡ ምእንቲ ሰላም በልዎም ኢኹም።
ውላድኩም ካብቲ መውዓሊ ህጻናት ኣውጺእኩም ንቤትኩም ክትከዱ እንከለኹም ውን፡ ውላድኩም ምኻዱ ምእንቲ ክፈልጡ፡ ነቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ ደሓን ኩኑ በልዎም።

# መዓልታዊ ህይወት ናይ መውዓሊ-ህጻናት

መዓልታዊ መደባትናይቲ መውዓሊ-ህጻናት ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝወቀበ እዩ።

እዚ ዝስዕብ ገለ ኣብነታት እዩ፡

- ደገ ወጺእና ንጻወት
- ፍርቂ-መዓልቲ ምስ ኮነ፡ እቶም ቆልዑ ሓጻር ናይ ድቃስ ዕረፍቲ ይወስዱ
- ዑደት ነካይድ
- ምስቶም ቆልዑ ብሓባር ኮይና ዓው ኢልና ነንብብ
- ኣብ መውዓሊ-ክፍሊ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ነካይድ

ዕለታዊ ንጥፈታት ናይቲ መውዓሊ-ህጻናት ዝኽተሎ ስሩዕ ቅኒት ናይ መደባት ኣሎ። እዚ ኸኣ ነቶም ህጻናት ድሕነትን ናይ ሌላ ባይታን ይፈጥረሎም። ውላድኩም እቲ ስሩዕ መዓልታዊ መደባት ከይሓልፎ ምእንቲ፡ ቅድሚ ሰዓት 9:00 ከተምጽእዎ ኣለኩም።

ካልእ ንጥፈታት:

## ክፍቲ-ሰዓታት መውዓሊ-ህጻናት

### ሰኑይ – ሓሙስ

ዝኸፈተሉ ሰዓት ____________

ቀትሪ ____________

### ዓርቢ

ሰኑይ ሓሙስ

ዝኸፈተሉ ሰዓት ____________

ቀትሪ ____________





ዓሳ



ኣሕምልቲ



ባኒ

# መግብን ሰዓታት ጠዓሞትን



እንቋቝሖ



ፍሩታ

**መግብን ሰዓታት ጠዓሞትን**

ውላድኩም ናብ ቤት-ትምህርቲ ክመጽእ እንከሎ፡ ጥዑይ መግቢ ሒዙ ክመጽእ ኣለዎ። እቲ ህጻን ከይጠሚ ምእንቲ ኸኣ፡ እቲ ሒዝዎ ዝመጽእ መግቢ ንምሉእ መዓልቲ ዘጽንሖ ክኸውን ኣለዎ። ኣብነት ናይ ብሉጽን፡ ሕውስዋስን ምሳሕ ንኣብነት፡

- ባኒ
- ኣሕምልቲ
- ዝሑል መግቢ
- ዓሳ
- ፍሩታ

ኣብ ገለ መውዓሊ-ህጻናት ወርሒ ወርሒ ውሱን ዋጋ ዝኽፈሎ፡ ኣገልግሎት መግቢ ኣሎ። እዚ ከም ኣማራጺ ክትወስድዎ ትኽእሉ ኢኹም። ውላድኩም ተገልጋሊ ናይዚ መደብ-መግቢ ክኸውን ምስ እትውስኑ፡ ምርጫታት ውላድኩምን ከምኡ ውን ናይ ኣለርጂ ጸገማት ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ውላድኩም ተጠቃሚ ናይዚ ስሩዕ ውጥን መግቢ ክኸውን ምስ እትውስኑ፡ ፍሉይ ናይ መግቢ ጠለባቱን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማቱን ምሕባር ኣይትረስዑ። ውላድኩም ቅድሚ ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ምውዓል ምጅማሩ፡ ደረቕ መግቢ ምብላዕ ተለማማሚዱ ክጸንሕ ኣገዳሲ እዩ።





# ናይ ፍርቂ-መዓልቲ ሓጺር ድቃስ

ውላድኩም ልዑል መጠን ድቃስ የድልዮ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ናይ ፍርቂ-መዓልቲ ሓጺር ናይ ድቃስ ዕረፍቲ ቀዋሚ ኣካል ንጥፈታት መውዓሊ-ህጻናት እዩ። እቶም ነኣሽቱ ዝኾኑ ህጻናት ኣብ ዓረብያ-ህጻን ኣብ ደገ ይድቅሱ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ውላድኩም ኩነታት ኣየር ዝሑል ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዝኽደኖ፡ ዘማሙቑ ክዳን፡ ቆብዕን ጓንትን ክህልዎ ክትገብሩ ኣለኩም። ውላድኩም ኣብ ዝድቅሰሉ እዋን፡ እቶም ሰራሕተኛታት ከይቆርር ይከታተልዎ እዮም።

ውላድኩም እንታይ ሒዙ ክመጽ ኣለዎ ንምፍላት ኣብቲ ‘’ምቕያር ክዳንን ኣርማድዮ ክዳንን’’ ኣብ ዝብል ኣርእስቲ ብዝያዳ ምንባብ ይከኣል እዩ።

# ምቕያር ክዳንን ኣርማድዮ ክዳንን

ውላድኩም ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ክውዕል ምስ ዝጀምረ ናቱ፡ ኣርማድዮ-ኽዳንን ዘንቢልን ክምደበሉ እዩ። ክዳንን ጫማን ውላድኩም ከይጠፍእ ምእንቲ፡ ስም ውላድኩም ክትጽሕፉሉ ጽቡቕ እዩ። እቲ ክዳውንቲ ምስ ረስሐ ወሲድኩም ክትሓጽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**እቲ ዘንቢል**

እቲ ዘንቢል እዚ ዝስዕብ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ፡

ክልተ ኮስትሞ

ረቂቕ ናይ ጡጥ ቆብዕ

ክልተ ካልስን ታይትን

ክልተ ስረ

ክልተ ቀምሽ/ምቻ

ሻባቶ

**እቲ ዘንቢል ነዚ ዝስዕብ ውን ክሕዝ ይኽእል እዩ:**

ቺቾቶ

ባምቡላ ድቢ ወይ ተራ
ባምቡላ



ባምቡላ ድቢ ወይ ተራ
ባምቡላ



ክልተ ቀምሽ/ምቻ



ረቂቕ ናይ ጡጥ ቆብዕ



ቺቾቶ



ክልተ ስረ



ክልተ ኮስትሞ



ሻባቶ



ክልተ ካልስን ታይትን



Vuggestue Tigrignia.indd 16 07-09-2018 13:38:51

# ውላድኩም ምስ ኩነታት ኣየር ዝሳነ ክዳን ክደንዎ

ብዜካዚ፡ ኩነታት ኣየር ናይ ዴንማርክ ኣብ ክፍላ-ዓመት ተመርኲሱ ተቐያያሪ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ፡ ንውላድኩም ምስ ኩነታት ኣየር ዝሳነ ክዳን ክደንዎ። ውላድኩም ኣብቲ እነካይዶ ናይ ግዳም ንጥፈታት ክሳተፍ ምእንቲ ናይ ግዳም ክዳውንቲ ክህልዎ ኣለዎ።

ንኣርማድዮ-ኽዳን ዝምልከት ጽቡቕ ምኽሪ ኣብዚ ኣለኩም።

# ሓጋይ፡ ጽድያ፡ ቀውዒ



ናይ ዝናብ ልብሲ
ናይ ማይ ብጎማ ዝተሰርሐ ጫማ



ናይ በረድ ልብሲ
ጫማ ቡት



ቆብዕን ጓንትን



ጫማ

ጥሪ / የካቲት / መጋቢት / ምያዝያ / መስከረም / ጥቅምቲ / ሕዳር / ታሕሳስ

# ክራማት





ናይ ዝናብ ልብሲ
ጫማ ቡት



ረቂቕ ካብ ጸምሪ ዝተሰርሐ ጎልፎ



ባርኔጣ ጸሓይ ወይ




ሰንደል ወይ ውን ጫማ

**ጋራዲ ጸሓይ ኣብ ገዛ ክግበር ኣለዎ**

**ግንቦት / ሰነ / ሓምለ / ነሓሰ**

# ውላድኩም ሎሚ ከመይ ኣሎ?

ሰራሕተኛታት መውዓሊ-ህጻናት ንድልየታት ናይ ውላድኩም ዝምልከት ግንዛቤ ኣለዎም። ኩነታት ውላድኩም ፍሉይ ኣብ ዝኾነሉ መዓልቲ ነቶም ሰራሕተኛታት ናይቲ መውዓሊ ሓብርዎም እሞ ዘድሊ ምምችቻእ ምእንቲ ክገብሩ። ኩነተ-ኣእምሮ ውላድኩም ከመይ ከም ዘሎ ንምሕባር ኣብቶም ምልክታት ብምምልካት ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።



Vuggestue Tigrignia.indd 20 07-09-2018 13:38:54

# ውላድኩም ምስ ዝሓምም

ውላድኩም ምስ ዝሓምም፡ ክሳብ ዝሓዊ ናብ መውዓሊ-ህጻናት ክወፍር የብሉን። ብኸምዚ ከኣ፡ ውላድኩም ንኻልኦት ወማዕልቱ ዝኾኑ ህጻናት ከምዘይልክሞም ይግበር።

ውላድኩም ኣብ ዝሓመሉ እዋን፡ ካብ ስራሕ ወይ ውን ትምህርቲ ዕረፍቲ ክትሓቱ ትኽእሉ።



# ውላድኩም ናይ ቋንቋ ዓቕምታቱ ንኸማዕብል ሓግዝዎ።

ውላድኩም ናይ ቋንቋ ዓቕምታቱ ምእንቲ ከማዕብል፡ ኣብ ገዛ ብዙሕ ኣዛርብዎ። ሓጺርታ ረምታ ክትብሉን፡ ደርፌ ክትደርፉን ወይ ውን ዓው ኢልኩም ከተንብቡ ትኽእሉ። ውላድኩም ብዙሕ ቃላት ምስ ዝሰምዕ፡ ብዙሕ ቃላት ናይ ምምሃር ተኽእሎ ኣለዎ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ብዛዕባ ትርእይዎን ትሰምዕዎን ነገራት ምስ ውላድኩም ምዝርራብ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፡ መግቢ ክትሰርሑ እንከለኹም ወይ ውን ጭሔሎ ክትቕይሩ እንከለኹም።
ንውላድኩም በቲ እትመልክዎ ቋንቋ ተዛረብዎ። ብዛዕባ ቋንቋ ዴንማርክ ዘለዎ ተገዳስነት ንኽዓቢ ከኣ፡ ኣተባብዕዎ።

**ናይ ቋንቋ ገምጋም**

ኩሎም ኣብ መውዓሊ-ህጻናት ወይ ውን ማእከል መዓልታዊ ክንክን ዝሳተፉ ህጻናት፡ ናይ ቋንቋ ክእለቶም ዝምልከት ገምጋም ይግበረሎም እዩ። ውላድኩም ሰለስተ ዓመት ቅድሚ ምምልኡ ቀቅድሚ ስሩዕ ትምህርቲ ምጽምባሩ እዩ፡ ናይ ቋንቋ ዴንማርክ ክእለታቱ ብዝምልከት ገምጋም ዝግበረሉ። ናይ ውላድኩም ደረጃ ኣፍልጦ ቋንቋ ዴንማርክ ምስ ዕድሚኡ ዘይመጣጠን ምስ ዝኸውን፡ ናይ ቋንቋ ፍሉይ ድጋፍ ክግበረሉ እዩ።



# Mini phrase book

## Danish

Hav en god dag.

Jeg vil gerne tale med dig om mit barn.

Mit barn er syg.

Mit barn skal til tandlæge.

Mit barn skal til læge.

Jeg kommer ikke i dag

Mit barn er ked af det i dag

Mit barn har en dårlig dag.

Mit barn sov dårligt i nat.

Mit barn bliver hentet af _______________ i dag.

Tak for i dag.

Vi ses i morgen.

## Tigrignia

- ብሩኽ መዓልቲ።
- ብዛዕባ ውላደይ ምሳኻ ክዛረብ ደልየ ኣለኹ።
- ውላደይ ሓሚሙ ኣሎ።
- ውላደይ ናብ ሓኪም-ስኒ ክኸይድ ኣለዎ።
- ውላደይ ትማሊ ምሸት እኹል ኣይደቀሰን።
- ሎሚ ኣይመጽእን እየ።
- ውላደይ ሎሚ ሓሪቑ ኣሎ።
- ሎሚ ውላደይ ጽቡቕ መዓልቲ ኣየሕለፈን።
- ውላደይ ትማሊ ምሸት እኹል ኣይደቀሰን።
- ንውላደይ ሎሚ____ ______________ እዩ መጺኡ ክወስዶ።
- ንኹሉ ናይ ሎሚ ነገር የቐንየልና።
- ጽባሕ የራእየና።

**Published by:** Børn og Unge, Aarhus Kommune 2018